በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሃዱ ኣምላክ ኣሜን!!

ክቡራን ምእመናን ኣብዚ ግዜ ጾም ተደጋጋሚ ዝልዓል ሕቶ ኣሕጽሪ ኣቢልና ክንምልስ፡ እግዚኣብሄር ኣይፈለየና። ኣብዚ ዓብዪ ጾም (ጾም ኣርብዓ) ካብ ዝመጸና ሕቶታት፡- 1- ጾም ኣርብዓ እናተባህለ ሓምሳን ሓሙሽተን ምዓልቲ ንጸውም ስለምንታይ፧መልሲ- ኣብ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቀዳምን ሰንበትን ስለዘይጽወም'ዩ 55 ምዓልታት ዝቑጸር፡ ቀዳምን ሰንበትን እንተ ኣጉዲልናየን ግን 40 መዓልቲ ኢና እንጾመን። ቀዳምን ሰንበትን ኣይጽወምን'ዩ ማለት ግን ንግዜ'ዩ(ቀዳም ንግሆ ክንቆርስ ንኽእል፡ ሰንበት ክኣ ድሕሪ ቤተክርስትያን ) ብሕጽር ዝበለ ከምዚ'ዩ ነቦትት ምውካስ ክኣ ጽቡቕ'ዩ።

2- ጾመ ንጉስ እንታ'ይ ማለት'ዩ፧ መልሲ- ጾመ ንጉስ ማለት ንጉስ ህርቃን ብምርኮ ንፋርስ ተወሲዱ ዝነበረ መስቀል ክርስቶስ ንኽመልሶ ጾም ኣወጀ፡ ድሕሪ ጾም ብኹናት ስዒሩ መስቀል ክርስቶስ መለሶ። በዚ ኸኣ ጾመ ንጉስ (ጾመ ህርቃን) ይብሃል። ጾም ኣርብዓ፡ ዓብዪ ጾም ወይ ሆዳዴ ኢልና ክንጽውዕ እንከለና ጎይታናን መድሓኒናን ድሕሪ ጥምቀት ዝጸሞ ጾም'ዩ፡ ንምዝካር ክኣ ጾመ ህርቃን፡ጾመ ኣስቴር፡ ጾመ ዮዲት ክንጠቅስ ንኽእል።

3- ጎይታ ጼሙ ተሰቒሉ ኣንጺህና'ዩ ጾም ኣየድልን'ዩ ዝብሉና ኣለዉ እንታይ ክንምልስ ንኽእል፧ መልሲ- መጀመርያ ንኹሉ ብምስትውዓል ክንርእዮ ይግብኣና'ዩ፡ እዚ ሓሳብዚ ካብቶም ህጻን እንታይ ፈሊጡ'ዩ ዝጥመቕ ዝብል ኣራኣኢያ ዘለዎም ዝቦቐለ'ዩ፡ እታ ሓንቲ ከነስተውዕላ ዘላህና ግን ጥምቀት ኣድላዪ ምኻኑ ይገልጹ ኣለዉ! ጎይታናን መድሓኒናን ክኣ እቲ ክንገብሮ ዝግብኣና ባዕሉ እናገበረ'ዩ ምሂሩና፡ ወለድና ክንእዘዞም ከምዝግብኣና ከርእየና ይእዘዞም ነበረ(ሉቃስ ንመልከት) ክንጸውም ከምዘለና ከርእየና ን40 መዓልትን ለይትን ጾይሙ ኣርእዩና፡ ክሳብ ሞት እሙናት ክንከውን ከምዘለና ከርእና ኸኣ ክሳብ ዝስቀል ከም በጊዕ ብትዕግስቲ ፈጸሞ!! ብዙሕ ምጥቃስ ይክእል'ዩ ንዝኾነ ግን ከምዚ ዓይነት ክንሰምዕ እንከለና ብዛዕባ እቲ ሰብ ክንምርምር ይግብኣናዩ! ጎይታ ተጠሚቑ ንሕና ክንጥመቕ ግድን ምኻኑ እናኣመነ ጎይታ ጸይሙ ግድነት ዘይንጸመሉ መኽንያት ስለምንተ'ዩ፧ ትንሳኤ ከምዘሎና ኸርእና ኸኣ ኣብ ሳልስቱ ተንስኣ!! ስለዚ ልእሊ ዝኾነ ግዜ እቲ ከነስተውዕሎ ዝግብኣና ግዜ ሕጂ'ዩ!

ብኽምዚ ክንቅጽል መደብ ስለ ዘሎና ኩሉኹም ትፈልጥዎ መልሲ ክትህቡ ንላቦ!!

## እግዚኣብሄር ምስኩላህና ይኹን ኣሜን።